# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ያዕቆብ ወልደ እልፍዮስ

www.debresahl.com

1. እቲ አይሁድ ኅዲሩ ንጐይታ ጸልእቲ ዘለዓለ ሰይጣን፣ ነቶም ምኽንያት መኽሰሲ ጫፍ ነገር እንተረኸቡሉ ኢሎም ጽን ኢሎም ክሰምዑ ዝጸንሑ ሕዝቢ ቀሳቚሉ ከም ዝጥዕሞም ጌሮም ነቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉሥ ቀላዉዴዎስ ዝበሃል ሐደ ዘንፈልጦ ሰብ አብ አዉራጃናን ወረዳናን እናተዘዋወረ አነ ናርያ ኢየሱስ ክርስቶስ እየ፣ ንምድራዊ ንጉስኩም አይትገዝኡ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ንጉሥኩም፣ እንዳበለ ንሃገርና ከዋፍእን ንሕዚብና ኬጋግን ኮነ ኢሉ ዝመጸ እዩ ኢሎም ናብቲ ንጉሥ አመልከቱሉ።

2. እቲ ንጉሦም ቀላዉዴዎስ ድማ ገጹ ንገጽ አርአዕዩ፣ ቃል ክልቲኦም ሰብ ነገር ስሚዑ ዝዉስን መን ወይ ክሓቶስ ይትረፍ ካብ አፍ ክረኽቦ ከይበለ ወይዚ ደፋር በሉ ገጹ ከይረአኹ ብዳርባ እምኒ ቅተልዎ ኢሉ ፍርዱ ሃበ። ነቢይ ዳዊት ብዛዕባ እዚ ከምዚ ዓይነት እዚ ብእምኒ ዝሞቱ ቅዱሳን ሓዋርያት ክጠቅስ ከሉ ከመ ኳሄላ ኮንኩዎም ለብዙኃን ኢሉ ዝተነበዮ ንኽፍጸም ከሰስቱ ብዘይ ሓንቲ መዓልቲ ቁጸራ ነገሮም ስለዝሰለጦም ነቲ ንጉሥ እንዳ አመስገኑ ንሓዋርያ ያዕቆብ ከም ዝተአዘዝዎ ብዳርባ ኢምኒ ቀተልዎ። ማቴ.10፥18 መዝ.70፥7 ግሓ.1፥8።

3. ብድኅርዚ ኸአ እቶም ከሰስቱ እንቋዕ ደአ ቀተልናዮ እምበር ሕጅስ ሞት ከም አዳም ኢሎም ፍሕ ምስ በሉ፣ እቶም ምእመናን መጺኦም ከምቲ ንእስጢፋኖስ ብጻዩ ዝተገበረሉ ኅዘኑሉን አብ ዉሽጢ ቀጽሪ ቤተ መቅደስ ኢየሩሳለም ቀበርዋን።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም እብል ዕፍረተ ስሙ ፅዑጠ።
እምብዝኃ ገድሉ እንዘ እነግር ኃዳጠ።
አሠረ ክርስቶስ ይትሉ ኣመ ዮስጦስ ተፈልጠ።
መንገለ ወልዱ ወብእሲቱ ገጸ ኢሜጠ።
እምፍቅ ዘመድ ካዕበ ልቦ ኢሦጠ።

ስንክሳር 10 የካቲት ተመልከት።